ራእይ

# መጻኢ መጎዓዚያ ኣብ ሲያትል

Seattle Department of Transportation

## መደብ መጎዓዚያ ሲያትል

ብሓጺሩ | ነሓሰ 2023

**መደብ መጓዓዝያ ሲያትል (STP)** ናይ 20 ዓመት መደብ መጻኢ መጓዓዝያ ሲያትል እዩ። ስርዓት መጓዓዚያና ሰባት ምስ ዕድላት፣ ምስ ተፈጥሮን፣ ነንባዕልቶምን ቀጻልነት ብዘለዎ ኣገባብ ከራኽቡ ንምግባር ከመይ ብዝበለ ኣገባብ ክነማዕብሎን ክንጽግኖን ከም ዘለና መምርሒ ኣብ ምሃብ ዝሕግዝ እዩ። ንሰባትን አቑሑትን ዘተኣማምን ናይ መጎዓዚያ ኣማራጺታት ንምቕራብን ጎደናታት ንሰባት፣ ባህሊ፣ ንግዳዊ ትካላት፣ መዘናግዒታትን ከምኡድማ ንምትእኽኻባት ተቐበልቲ ክኾኑ ጌርካ ደጊምካ ንምስራሕን ዘኽእል መደብ እዩ። እዚ ከም ሓንቲ ሲያትል ብምዃን- ብሓባር ስራሕቲ ንምስራሕ ዘኽእል ዕድል እዩ።

እዚ **መደብ መጓዓዝያ ሲያትል ብሓጺሩ** ዝብል ጽሑፍ ናይ'ቲ መደብ ቀንዲ ክፋላት ዝምልከት መብርሂ ዝህብ እዩ። ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ'ቲ ምሉእ ናይ መደብ መጓዓዝያ ሲያትል ሰነድ ክርከብ ይኽእል እዩ (ነቲ ኣብ ድሕሪት ገጽ ናይ'ዚ ብሮሸር ዝርከብ ስካን ክግብር ዝኽእል ኮድ ረአ)።

## ራእይ

ውጽኢት ናይ'ቶም ኣብ መላእ ከተማ ሲያትል ዝርከቡ ሰባት ንሓደ ዓመት ዝኸውን ዝተገብሩ ዝርርባት።

**ሲያትል ማዕርነታዊት፣ ድምቕቲን፣ ብዝሓነት ዘለዋን ከተማ ኢያ ኣብ ዙርይኣ ክትጎዓዝ ድማ ውሑስቲ፣ ፍትሓዊትን፣ ቀጻልነት ዘለዋን እያ። ኩሉም ሰባትን ንግዳዊ ትካላትን ምስ'ቶም ዕለታዊ ጠለባቶም ክራኽቡን ምስ ማሕበረሰቦም ጽኑዕ ርክብ ከም ዘለዎም ክስመዖምን ኣለዎ።**

## ሸቶታት

እዞም ብነበርቲ ከተማ ሲያትል ቅርጺ ክሕዙ ዝተገብሩ ሸቶታት፣ ብዛዕባ መጻኢ መጓዓዚያና ውሳነታት ክንውስን ዝሕግዙና እዮም።

### ውሑስነት

እቶም ኣብ ሲያትል ዝርከቡ ተጓዓዝቲ ዝኾነ ከቢድ ጉድኣት ወይ ንሞት ዘቃልዑ ሓደጋታት ከይገጥሙዎም ብምግባር ውሕስነቶም ዝተሓለው ክኸውን ምግባር።

### ምዕሩይነት

ምስ'ቲ ማሕበረሰብ ብሓባር ብምዃን ምድላውን ነቶም ምስ መጓዓዚያ ተዛመድቲ ዝኾኑ ዘይምዕሩይነታት ንምፍታሕ ዘኽእል ናይ ሕውየት ስራሕቲታት ተፈጸምቲ ክኾኑ ምግባር

### ቀጻልነት

ንለውጢ ክሊማ ምህዞኣዊ ብዝኾነን፣ ናይ ክሊማ ፍትሒ ብዘምጽእ ኣካይዳ ግበረ መልሲ ምሃብ

### ምንቅስቓስ

ሰባትን ኣቑሑትን ናብ`ቲ ዘድልዮም ቦታ ንኽበጽሑ ዘኽእሎም ዘተኣማምኑን ብተመጣጣኒ ዋጋ ዝቐርቡን ናይ ጉዕዞ ኣማራጺታት ምቕራብ።

### ምቹውነት ናብራ

እቶም ናይ'ዛ ኸተማ ጎደናታት ሰባት ክጸንሑሎምን ክጻወቱሎምን ብዘኽእል መልክዑ መሊስካ ምሕሳብ

### ጽገናን ዘመናዊነትን

ናይ'ዛ ኸተማ ናይ መጓዓዚያ ትሕተ ቕርጺ ምምሕያሽን ንቐጻሊ ድልዊ ክኸውን ምግባርን

# እቶም ቀንዲ ስጉምቲታት

እቶም ቀንዲ ስጉምቲታት ነቶም ናይ መደብ መጓዓዝያ ሲያትል ራእያትን ሸቶታትን ክነዐውት ዝሕግዙና እዮም። ኣብ ሲያትል ጽቡቓት ለውጢታት ብቕልጡፍ ክመጽኡ ክግበር እንተኾይኑ፣ ነቶም ከም ዝሰርሑ ዝተረጋገጹ ዝተፈልጡ ሜላታት ክንጥቀምን፣ ነቶም ናይ ማሕበረሰብና ጠለብ ዘማልኡ ሓደሽቲ መገዲታት እውን ክንፍትን ኣለና።

## ውሑስነት

- ድሕነት/ውሑስነት ንምዕባይ ናህሪ ተሸከርከርቲ ክቕንስ ምግባር
- ኣብተን ዝያዳ ንምግጫው ዝቃልዓ ቦታታትና ዘተኮረ ጽዑቕ ናይ ውሕስነት ወፍሪ ምክያድ
- ኩሎም ጉዕዞታት፣ ካብ መበገሲ ኣትሒዝካ ክሳብ መብጸሒ ውሑሳት ክኾኑ ምግባር
- ናብ ቤት ትምህርቲታት፣ ፓርክታት፣ ትራንዚታት፣ ናይ ማሕበረሰብ መአከቢ ቦታታትን፣ ካልኦት ልሙዳት ዝኾኑ ሰባት ዝኸዱሎም ቦታትን ዝወስዱ ውሑሳት መስመራት መጎዓዚያ ምቕራብ

## ምዕሩይነት

- ሓሳባት ናይ እቶም ጸዓዱ ዘይኮኑ ማሕበረሰባትን ትሑት ውክልና ዘለዎም ጉጅለታትን ኣብ መስርሕ ውጥን ምውጻእን ውሳነ ኣዋህባናን ማእከል ክኾኑ ምግባር
- ኣብ'ቶም ጽልዋ ዝሓደሮም ማሕበረሰባት ዝካየዱ ወፍሪታት ቀዳምነት ክወሃቦም ብምግባር ነቶም ኣብ ስርዓት መጓዓዚያ ዘለዉ ዘይምዑርዩነታት ምፍታሕ
- ኩሉ ሰብ ነቲ ዘድልዮ ጉዕዞ ክገብር ምእንታን ነቶም ናይ ዋጋ ብድሆታት ክእለዩ ምግባር

## ቀጻልነት

- ጽርየቱ ዝሓለወ፣ ቀጻልነት ዘለዎን ናይ መጓዓዚያ ኣማራጺ ብምቕራብ፣ ኣብ ከባቢታት መንበሪ ዘሎ ኣየር ጽርየትን ናይ ጥዕና ውጽኢታትን ምምሕያሽ
- ንጽልዋ እቲ ተለዋዋጢ ዝኾነ ከባቢ ኣየር ብዝሓሸ ኣገባብ ግብረ መልሲ ንምሃብ ዘኽእሉ ብ ናይ ከባቢ ምምልኻዕን ኣብ ጎደና ብዝትከሉ ተኽሊታትን ኣቢልካ ቆጽለዎት ናይ ከተማ ጎደናታት ክህልዉ ምግባር
- ናይ ከባቢታት መንበሪ ምቹውነት ናብራን ናይ ማሕበረሰብ ጥዕናን ክመሓየሽ ምግባር
- ናይ ውልቂ፣ ናይ ንግዲን፣ ናይ ኣቑሑ ምብጻሕን መጓዓዚያታት ካብ ናይ ብስባስ ነዳዲ ናብ ናይ ኤሌክትሪክ ተሽከርከርቲ ዝግበር ስግግር ምድጋፍ
- ነቶም ብእግሪ፣ ብብሽክለታን፣ ብትራንዚትን ኣቢልካ ዝግበሩ ጉዕዞታት ንምትብባዕ ዘኽእሉ ናይ ምንቅስቓስ ምሕደራ ስትራቴጂታት ክድንፍዑ ምግባር

## ምንቅስቓስ

- ስሉጣት ዝኾኑ ናይ መጓዓዚያ መራኸቢታት ምፍጣር
- ብእግሪ፣ ብብሽክለታ፣ ብሮል ዝግበሩ ጉዕዞታት ቀለልቲን ባህ ዘብሉን ክኾኑ ምግባር
- ትራንዚት ዓለምለኻዊ ተበጻሕነት ክህልዎ ምግባርን እቲ ኣገልግሎት ድማ ብተደጋጋሚ ዝቐርብን ዘተኣማምንን ክኸውን ምግባር
- ናይ ጽዕነት ምንቅስቓስን ኣብ ምብጻሕ ኣቑሑት ዘሎ ዕብየትን ብምድጋፍ ናይ ቁጠባ ምዕባለ ከመጽእ ምግባር
- ነቶም ናይ ወሰን መገዲ ቦታታት ናይ'ታ ኸተማ ሸቶታትን ቀዳምነት ዝወሃቦም ጉዳያትን ብዘንጸባርቕ ኣገባብ ምምሕዳር

## ምቹውነት ናብራ

- ንኣቑሑን ምብጻሕን ን ናይ ህጹጽ እዋን ግብረ መልሲታትን ዝህቡዎ ኣገልግሎት ብምዕቃብ፣ ኣብ ልዕሊ እቶም ናይ ጎደና ቦታታት ንሰባት ቀዳምነት ብዝህብ ኣገባብ ርኡይ ዝኾነ ምትዕርራያት ምክያድ
- ናይ ማሕበረሰብን ናይ ምንቅስቓስን ማእኸላት ናብ ባህ ዘብሉን ሰሓብቲን ዝኾኑ ቦታታት ምቕያር
- ህዝባዊ ቦታታት ናይ ማሕበረሰብ ጥዕና ብዘመሓይሽ ኣገባብ ናይ መጻወቲን ሰባት ዝእከቡሎምን ቦታታት ክኾኑ ብዝገብር መልክዑ መሊስካ ምህናጽን ስራሕቲ ምድንፋዕ ምስላጥን
- ተቐባሊን ምስ ዕድመ ሰባት ዝሰማማዕ ህዝባዊ ዓለም ንምፍጣር ብዘኽእል ኣገባብ ህዝባዊ ቦታታት ምጽጋንን ክነቓቕሑ ምግባርን

## ጽገናን ዘመናዊነትን

- ኣብ'ቲ ግቡእ ዝኾነ ግዜ ናይ ንብረት ጽገናን ምቕያርን ብምክያድ ናይ'ዛ ኸተማ ጎደናታት ናብ ውሑስን ቀጻልነት ዘለዎም ናይ መጓዓዚያ ኣማራጺታት ክቕየሩ ምግባር
- ኣብ ከባቢታት መንበሪ ዘሎ ፍልልይ ኣብ ጽርየት ጎደናታት፣ ናይ ኣጋር መገዲታት፣ ህዝባዊ ቦታታትን፣ ድልድላትን ክቕንስ ምግባር
- ናይ'ዛ ኸተማ ጎደናታት ንሓደሽቲ ናይ መጓዓዚያ ኣማራጺታትን ብሕጂ ዝመጽኡ ዘለዉ ቅዲታትን ቴክኖሎጂታትን ድልዋት ክኾኑ ምግባር

# ተሳትፎ ብሓጺሩ

ኣብ መላእ እቶም ናይ መደብ መጓዓዚያ ሲያትል ናይ ተሳትፎ ስራሕቲ፣ ኣፍልጦ ንምህናጽ፣ ግብረ መልሲ ንምስማዕ፣ ነቲ ናይ ሲያትል መጻኢ ራእይ መጓዓዚያ ሓቢርካ ንምድላውን ምስ ኣሽሓት ሰባት ተራኺብና ኢና።

**76,000+**
እቶም ብናይ መደብ መጓዓዚያ ሲያትል ተሳትፎ ኣቢልካ ዝተኣከቡ ናይ ሕድሕድ ዳታ ነጥቢታት

**7,000+**
ኣብ'ቶም ናይ መደብ መጓዓዚያ ሲያትል ናይ ህዝባዊ ርክብ ምድላዋት ዝተሳተፉ ሰባት

# ንመደብ መጓዓዚያ ሲያትል ምሳና ሓቢርኩም ክተዳልዉ ሓቲትናኩም ኤርና- እዞም ዝስዕቡ ሓሳብት ድማ ሰሚዕና።

"እቲ ስጉምቲ ክውሰደሉ ዝግብኦ ግዜ ካብ ዝሓልፍ ነዊሕ ገይሩ ኣሎ።"

“[Transportation] እዚ ንኹሉ ሰብ ብርትዓዊ ዋጋ ዝቐርብ ክኸውን ኣለዎ፣ እዚ ማለት፣ ኩሉ ሰብ ብሕሱር ዋጋ ትራንዚት ክጥቀም፣ ብእግሩ ክዛወር፣ ወይ ብብሽክለታ ክንቀሳቐስ ክኽእል ኣለዎ ማለት እዩ።"

"ነቲ ናይ ህዝባዊ መጉዓዝያ መርበብና ምምሕያሽን፣ ብዓቢኡ ድማ፣ ነቶም ናይ ሞቶር መጓዓዚያታት ዘይጥቀሙ ነበርትና ቀዳምነት ብዝህብ ኣገባብ ነቶም ናይ ጎደና ቦታታትና ምትዕርራይ ኣድላዪ እዩ። ኣብ'ቶም ቀንዲ ኮሪዶራትና ዝያዳ ናይ ብሽክለታን ናይ ትርንዚትን መስመራት ክህልዉ ብምግባር፣ ኣድላዪ ኮይኑ ኣብ ዝርከበሉ እዋን ድማ ነቶም ሓፈሻዊ ናይ መጓዓዚያ መስመራትን ናይ ወሰን ጽርግያ መካይን ጠጠው መበሊ ቦታታትን ምእላይ። ነዞም ኣገልግሎታት እዚኣቶም ምጥቃም ውሑስን ዘተኣማምንን ክኸውን ኣለዎ"

"ነቶም ኣብዝሓ ኣብ ዙርያ ሲያትል ንምቅስቓስ ዝያዳ ውሑስ፣ ምዕሩይን፣ ምስ ከባቢ ኣየር ንብረት ዝሳነን ዓይነት መጓዓዚያ ዝደልዩ ሰባት ጠመተ ምሃብ።"

"ብፍላይ ነቶም ኣብ ሰሜናዊ ሸነኽ ናይ መርከብ ካናል ዝርከቡ ናይ ጽዕነትን ናይ ንግዲን ጉዕዞታት ምትእንጋድ። ንኣብነት ኣብ'ቶም ከም ራዕዲ መሬት ን/ወይ ሱናሚ ዝበሉ ህጹጽ ግብረ መልሲ ዝጠልቡ ኩነታት ኣብ ዘጋጥሙሉ ግዜ እኹላት ኣማረጽቲ ናይ ትራፊክ ኮሪደራት ምህላው።"

"ጽገና ብዙሕ ሰሓቢ ዘይኮነ ግን ድማ ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነ ንኸተማና ምዕብልቲ ዝገብራ ስራሕ እዩ።"

"ንሰባት ዝምቸዉ፣ ብዙሕነት ዘለዎምን፣ ንናብራ ምቹዋት ዝኾኑን ማሕበረሰባት ማዕርነት ዝዓሰሎም እዮም። ዝያዳ መንበሪ ኣባይቲ፣ ናይ ስራሕ ዕድል፣ መዘናግዒታትን፣ ናይ ንግዲ ዕድላትን ንኹሉ ሰብ!"

"ናብ ሓደ ማእኸል ንምኻድ ካብ ውሑዳት ብሎካት ንዘይነውሕ ርሕቀት ብእግሪ ምኻድ ዘየድልዮ፣ ቅልጡፍ፣ ውሑስን፣ ርትዓዊን ዝኾነ ትራንዚት የድልየና።"

"ጽቡቕ ናይ ትልሚ ምውጻእን ተሳትፎን ክካየድ እንከሎ፣ ናብ ለውጢ ዘብጽሕ ቅልጡፍ ጎደና ይህሉ።"

"ምዕሩይነት ኣብ ማእኸል ናይ ሕድሕድ ተበግሶ ክኸውን ኣለዎ። ኣብ'ተን እኹል ናይ መጓዓዚያን/ውሕስነት ዘለወን ከባቢታት መንበሪ ዘለዉ ናይ መጓዓዚያ ኣማራጺታት/ውሕስነት ናይ ምምሕያሽ ስራሕቲ...ድሕሪ ናይ'ቶም ብታሪኽ ጠመተ ዘይተውሃቦም ከባቢታት ዝካየድ ምምሕያሽ ክኸውን ኣለዎ።"

## ነቲ ዝሃብኩምና ግብረ መልሲ በዚ መልክዕ እዚ ኢና ኣብ ጥቕሚ ኣውዒልናዮ።

**ሓበሬታ ብዛዕባ እቶም ኣብ ቀጻሊ ዝካየዱ ናይ ህዝባዊ ርክብ ስራሕቲ ብኸመይ ዝበለ ኣገባብ ከም እነካይዶም**
ተሳትፎ

**ናይ'ዛ ኸተማ ክብሪታት ዘንጸባርቑ ናይ ፖሊሲ ኣንፈታት**
ፖሊሲታት

**ፈለማ ኣብ ምንታይን ኣብ እንታይን ወፍሪ ከም እነካይድ ዝሕብር መምርሒ**
ቀዳምነት ዝወሃቦም ጉዳያት

**ኣብ ኣየኖት ጉዳያት ምምሕያሻት ክንገብር ከም ዘለና ዘርእዩና ካርታታት**
ናይ ወፍሪ መርበባት

**ነቲ ትልሚን ኣፈጻጽማኡን ብኸመይ ከም እንኸፍል ዝሕብር ስትራቴጂ**
ስትራቴጂ ኣፈጻጽማ

**ነቲ ስርዓት መጓዓዚያ ዘመሓይሹ ፕሮጀክትታትን መደባትን**
ጠለባት መደብን ፕሮጀክትን

**መከታተሊ ምዕባለታት ሸቶታት**
መዐቀኒታት ኣፈጻጽማ

# ባእታታት መደብ መጓዓዚያ ሲያትል

ኣብ ክፋል I ናይ'ቲ መደብ መጓዓዚያ ሲያትል፣ ዝተፈላለዩ ክፋላት እቲ ስርዓት መጓዓዚያ ንሸቶና ኣብ ምዕዋት ብኸመይ ብሓባር ከም ዝሰርሑ ተዘራሪብና ኔርና። ክፋል II ድማ ኣብ ዙርያ ከተማና ምንቅስቓስ ዝምልከቱ ፍሉያት መገዲታትን ጎደናታትን ክንጥቀመሎም እንኽእለሎም ኣገደስቲ መገዲታት ዝምልከት ሓሳብ ዝሓዘ ፍሉይ ምዕራፍ ኣለዎ። እዞም ባእታታት እዚኦም ናይ`ቲ ትልሚ ዓበይቲ ሸቶታትን ቀንዲ ስጉምቲታትን ንምድጋፍ ዝህልዉና ዓበይቲ ትልምታትና ዘርእዩ እዮም። ገለ ካብ`ቶም ባእታታት ድማ ፈለማ ጠመተ እንህበሎም ከባቢታት ዘርእዩ ካርታታት እውን ኣለዉዎም።

እዚ መደብ መጓዓዚያ ሲያትል ሸሞንተ ባእታታት ኣለዉዎ፡

- ኣጋር
- ብሽክለታን ናይ ኤሌክትሪክ ተሽከርከርቲን
- ትራንዚት
- ጽዕነትን ናይ ከተማ እቕሑን
- ናይ ሰባት ጎደናታትን ህዝባዊ

ቦታታትን

- ናይ ወሰን መገዲ/ከርብ ምሕደራ
- ሓደሽቲን እንዳዓበዩ ዝርከቡን ናይ

መንቀሳቐስቲ ኣማራጺታት

- ተሽከርካሪ

# ትልሚታት ኣብ ግብሪ ክውዕሉ ምግባር

ኣብ ሲያትል ዝርከቡ ሰባት ኣብ ዙርያ እዛ ኸተማ ዝንቀሳቐሱሉ ኣገባብ ብዝምልከት ዓበይቲን ቅልጡፋትን ለውጢታት ክርእዩ ከም ዝደልዩ ሓቢሮምና እዮም። እዚ ንድፊ ትልሚ፣ ነቲ ናይ መደብ መጓዓዚያ ሲያትል ራእይ ብኸመይ ከዐውት ከም ዝኽእል፣ ፈለማ እንታይ ክንገብር ከም ዘለናን፣ እቲ ዘድሊ ገንዘብ ብኸመይ ክንረክብ ከም እንኽእልን ብዝምልከት ዘለዉኻ ሓሳባት ክንሰምዕ ንደሊ ኢና። በዚ መገዲ እዚ ድማ፣ ነቶም ትብህጎም ለውጢታት ክነምጽኣልካ ንኽእል ኢና።

# እዚ ትልሚ እዚ ንምንታይ እዩ ዘድልየና

ኣብ ሎሚ ኮይንና ነቶም ዘለዉ ቀንዲ ጸገማት ኣብ ምፍታሕ ክንሰርሕ እንከለና፣ ስርዓት መጓዓዚያና ነቶም ኣብ መጻኢ ዝህልዉ ጠለባትና ኣብ ምምላእ ምስ ግዜ ብኸመይ ከም ዝቕየር እውን ክንሓስበሉ ኣለና።

ብሉጻት ምርጫታት ንምግባርን ኣብ`ቶም ምስ ናይ ከተማና ክብሪታትን ሸቶታትን ናይ መጻኢና ዝሰማምዑ መፍትሒታት ወፍሪ ክነካይድን ዝሕግዘና ትልሚ የድልየና ኣሎ።

### እዚ ትልሚ ነዞም ዝስዕቡ 7 ውጽኢታት ዘምጽእ እዩ፡

- ንሰባት ሓለዋ ምግባር
- ኣብ ምዕሩይነት ወፍሪ ምክያድ
- ሓምላይ መጓዓዚያ ምድንፋዕ
- ስራሕቲን መንበሪ ኣባይትን ምርኻብ
- ርትዓዊ ተበጻሕነት ምግፋሕ
- ናይ ማሕበረሰብ ቀዳምነት ዝወሃቦም ጉዳያት ምንጽብራቕ
- ምስ`ቶም እንዳማዕበሉ ዝመጹ ዘለዉ ቅዲታት ሓቢርካ ቀስ ኢልካ ምምዕባልን ምህዞታት ምክያድን



**ኣብ ምምዕባል መደብ መጓዓዝያ ሲያትል ስለ እተኻፈልካ ነመስግነካ! ምሳኻን ምስ ጐረባብትኻን ብሓባር ዘድልየና ነገራት ዘማልእ ስርዓት መጓዓዝያ ኣብ መጻኢ ክንሰርሕ ክንቅጽሎ ብሃንቀውታ ኢና እንጽበ።**

ዝያዳ ሓበሬታ የድልየካ ድዩ፣ ሕቶታት፣ ስክፍታታት፣ ወይ ርእይቶታት ኣለዉኻዶ?

ኢ-ሜይል ስደደልና፦ **STP@Seattle.gov**

ናብ መስመር መልእኽቲ ብድምጺ ደውል፦ **(206) 257-2114**

ነቲ ናይ መደብ መጓዓዚያ ሲያትል ማእኸል ተሳትፎ ብጻሕ:**ነቲ ስካን ዝግበር ኮድ ተጠቐም**